ምልክታ.ኮም

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ምስ ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ክልል ትግራይ ብምትሕብባር ሰሙናዊ ፕሮግራም ፈነወ ቴሌቪዥን ማልት ኣለዋ እዚ መደብ ኣብ ምምሕያሽ ፅሬት ትምህርቲ ምምዕባል ባህልን ቋንቋን ናይ ባዕሉ እጃም ዘለዎ ኮይኑ ዝሓለፈ ዓመት ዶክመንተሪ ማለት እውን ሰነዳዊ ፊልም ስራሕቲ ማልት፣ ውድድር ተምሃሮ 2ይ ብርኪ፣ ተኸተታሊ ድራማ ክጋውሑ ሓግዮም እዮም ። ሰለዝኮነ ኣብዚ ዓመት እውን ምስ ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ክልል ትግራይ ብምትሕብባር ነዚ ዓመት ዝሰርሖ ዝነበረ ስራሕቲ አጠናኺሩ ክቅፀለሉ ስለዝደለየ ማለት እውን ኣብ ምጥንኻር ፅሬት ትምህርቲን ምምዕባል ባህልን ቋንቋን ዝሕግዙ ዓመታዊ ፕሮግራማት ንምድላው ዝስዕቡ ረቃሒታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንኽትጫረቱ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ መስከረም 9, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 18, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:500
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 19, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ፎቶግራፍን ፊልሚን ግልጋሎት/ ናይ ደኩመንታሪ ስራሕቲ/ ማርኬትንግን ፕሮሞሽን ግልጋሎት/ ትምህርቲን ትሬይንግ/

1 ናይዚ ዘበን ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎን መለለይ ቁፅሪ ከፋሊ ንግዲ ከቅርብ ዝኽእል

2 ተመዝጋቢ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝኮነን ወረቀት ምስክር መቅረባይነት መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእል

3 ነዚ ሰራሕ ከስርሖም ዝኽእል መረዳእታ ትምህርቲ፣ሓይለ ሰብ፣እዚ ዘበን ዝጠልቡ ዘመናዊ መሳርሒ ኤሌክትሪክ፣መስርሒ ቦታን ካልኦት እታዎታትን ብመረዳእታ ከቅርብ ዝኽእል

4 ዘዳለውዎ ትሕዝቶ መበገሲ ሓሳብ ካብ 8† ገፅ ዘይበልፅ ኣብ ቀዳማይ ውድድር ከቅርቡ ዝኽእሉ

5 ኣብ ቀዳማይ ውድድር ዝሓለፉ ተወዳዳርቲ ሙሉእ ፕሮፖዛልን ነቲ ስራሕ ዘድሊ መጠን ገንዘብ ኣብ ውሽጢ 15† መዓልቲ ሰሪሖም ከረክቡ ዘኽእሉ

6 መኽበሪ ጨረታ 15000.00 ሽሕ ቅርሺ ብቤት ፅሕፈት ማልት ዝተሰናደአ ብሲፒኦ ከትሕዙ ይግባእ

7 ዝርዝር ሰነድ ጨረታ 500.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማልት ክፍሊ ቁፅሪ 430 ምውሳድ ይከኣል

8 ተጫረቲ ኣብ ውሽጢ ሰነድ ጨረታ ብዝርዝር ዝተገለፀ ካብ ቁፅሪ1-3 ዝተጠቀሱ መረዳእታታት ማሕተም ገይሮም ሓደ ዋና ሓደ ቅዳሕ ነንበይኑ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ 03/13/2010 - 18/01/2011ዓ/ም ኣብ ቤት ፅሕፈትና ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣታዊ ክገብሩ ይኽእሉ

9 ሳንዱቅ ጨረታ 18/01/2011ዓ/ም ሰዓት 8:30 ድሕሪ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ኣዳራሽ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኩሎም ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት

10 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኺ ሓበሬታ ድማ ብቁፅሪ ስልኪ 0344-405355 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle